# ሓይሊ እግዚአብሄር



ብዋትሰን ጉድማን
እተጻሕፈ

ብጸጋይ
ይስሃቅ ዝተተርጐመ

# ሐይሊ እግዚአብሄር

ብሐደ ደቂቕን መዋትን ዚኾነ
ወዲሰብሲ ሐይልን ክእለትን እቲ
ዘይመውት እግዚአብሄር ፈጣሪና
ከቶ ኪግለጽዶ ይከአል እዩ ? እግ
ዚአብሄር አዝዩ ሐያልን ግዙፍን
ስለዝኾነ እቲ አዝዩ ንኡስ ዝኾነ
አእምሮና ኪርድኦ ስለዘይከአሎ
ወዲሰብ ሐይሊ እግዚአብሄርን
ክእለቱን ብዝግባእ ኪገልጾ ከቶ
አይከአሎን እዩ ። ብሰብ አይከአ
ልን እዩ ! ዚበሃል እግዚአብሄር
ግን ዚኾነ ይኹን ንምግባር ክእ
ለት ከምዘለዎ ብቑዕ ብዝኾነ
መገዲ አብ መጽሐፍ ቅዱሱ ገሊ
ጹልና አሎ ። ንዓለምና ፈጢሩስ
አብ ሃዋህው አንጠልጢሉዋ
አሎ ። በቲ ሐይሉ ክእለቱ ድማ
አብ ዋላ ሐደ ከይቸቀመጠት ነሽ
ሐት ዓመታት ጸብለል ኢላ ትርከብ
አላ ።

እስኪ ሕጂ ኸአ ብዛዕባ ራእይ
እቲ መዘናን መወዳእታን ዘይብሉ
ሐይሉ ንክንርዳእሲ አብ ቃሉ
ቁሩብ ርእይ እይ ነብል ።

ዋትሰን ጉድማን

# ንምፍጣር ሓይሊ እግዚኣብሄር የድሊ

### ትንቢት ኤርምያስ ፲.

፲፪ - ንሱ ብሓይሉ ምድሪ ፈጠረ ፡ ብጥበቡ
ኸኣ ንዓለም ኣቘማ፡ ብኣእምሮኡ ድማ ንሰማያት
ዘርግሐ ።

### ትንቢት ኢሳይያስ ፵.

፲፰ - እምበኣርሲ ንኣም
ላኽ ምስ መን ተማሳስልዎ፧ ምስ ኣየናይ መል
ክዕከ ኸተመዓራርይዎ ኢኹም፧

፳፪ - ንሱ እዩ ኣብ ልዕ
ሊ እታ ኸባብ ምድሪ ዚቕመጥ ፡ እቶም ኣብኣ
ዚነብሩ ኸኣ ከም ኣንበጣ እዮም ፡ ንሰማያት ከም
ጋንጽላ ዚሰጥሖ ፡ መሕደሪ ኪኸውን ድማ ከም
ድንኳን ዚግትሮ ንሱ እዩ።

፳፭ - ከመዓራረዮስ፡ ምስ መን ከተማሳስሉኒ
ኢኹም፧ ይብል እቲ ቅዱስ ። ፳፮ - ኣዒንትኹም
ናብ ላዕሊ ቋሕ ኣቢልኩም ርአዩ ፡ ነዚ ዝፈጠሮ
መን እዩ፧ ኣቲ ንሰራዊቶም ብፍቕዲ ዘውጽኦ ፡
ብብስሞም ዚጽውዖም እዩ፡ ካብ ዕቤት ምልኩን
ካብ ብርትዓ ሓይሉን እተላዕለ ሓደ እኳ ኣይተ
ርፍን ።

### ትንቢት ኤርምያስ ፴፪.

፲፯ - ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እንሆ፡
በቲ ዓብዩ ሓይልኻን በቲ ዝርጉሕ ቅልጽምኻን
ሰማይን ምድርን ዝገበርካ ንስኻ ኢኻ። ንኣኻ
ዘይከኣለካ ነገር የልቦን ።

### እብራውያን ፩.

፩ - ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀ
ደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም ፡
፪ - ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንእና በቲ ወ
ራስ ኵሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወ
ዱ ገይሩ ተዛረበና ፡

# ሰይጣን ዓለም ኪፈጥርን ኣብ ሃዋህው ከአ ጸብለል ከብላን ኣይከአሉን እዩ

ወንጌል ዮሃንስ ፩ይምዕራፍ. ፲. ፲ ።

፩ - ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።

፫ - ብእኡ ኲሉ ኾነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የልቦን። ፲ - ሰራቒ፡ ብጀካ ኪሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ።

ግብረ ሃዋርያት ፲፯.

፳፱ - እምብኣርስኸ ዓሌት ኣምላኽ ካብ ኰንናስ፡ ኣምላኽ ነቲ ብናይ ሰብ ብልሓትን ሓሳብን እተገብረ ቕርጺ ወርቂ ወይ ብሩር ወይ እምኒ ኸም ዚመስል፡ ክንሐስቦ ኣይግባእናን እዩ።

፩ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ ፭.

፰ - ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚጓዝም ኣንበሳ ኾይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ።

፩ይ ቈረንቶስ ፲.

፳ - ኣይፋሉ፡ ኣህዛብ ዚስውእዎ ነጋንንቲ እዩ እምበር፡ ንኣምላኽ ኣይኮነን። ምስ ኣጋንንቲ ሕብረት ኪህልወኩም ኣይፈቱን እየ።

ወንጌል ዮሃንስ ፰.

፲፪ - ሽዑ የሱስ፡ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ተዛረቦም።

### መዝሙር ዳዊት ፻፴፭

፫ - ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፣
ዝደለዮ ኹሉ ይገብር እዩ።

### ትንቢት ኢሳይያስ ፵፫

፲፫ - ካብ ጥንቲ ኣነ እየ፣ ካብ ኢደይ ዚድሕን ከ
ኣ የልቦን፣ ኣነ እገብር፣ ኪኽልክል ዚከኣሎኸ መ
ን እዩ፧

### ፩ይ መጽሓፍ ዜና መዋእል ፳፱

፲፩ - ጐይታየ፣ ኣብ ሰማ
ይን ኣብ ምድርን ዘሎ ዘበለ ኹሉ ናትካ እዩ
እሞ፣ ዕቤትን ስልጣንን ክብርን ዓወትን ግርማን
ናትካ እዩ። ጐይታየ፣ እታ መንግስትስ ናትካ
እያ፣ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ከም ርእሲ ልዕል
በልካ። ፲፪ - ሃብትን ክብረትን ካባኻ እየን ዚ
መጻ፣ ንስኻ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ትገዝእ፣
ሓይልን ስልጣንን ከኣ ኣብ ኢድካ እዩ። ንዝኾነ
ዘበለ ዓብዩን ጽኑዕን ምግባሩ ድማ ኣብ ኢድካ
እዩ።

### ኦሪት ዘዳግም ፫

፳፬ - ዎ እግዚኣብሄር ኣም
ላኽ፣ ንባርያኻ ዕቤትካን እታ ጽንዕቲ ኢድካን
ከተርእየኒ ጀሚርካ፣ ከመይሲ ኣብ ሰማይ ኰነ
ኣብ ምድሪ ኸም ግብርኻን ከም ሓይልኻን ኪገብር
ዚኽእል ኣየናይ ኣምላኽ እዩ፧

### ወንጌል ሉቃስ ፩

፴፯ - እንሆ፣ ኤልሳቤጥ እታ ዘመድኪ እኳ፣ —
ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ነገር ስለ ዜልቦ፣ — ኣብ እርግ
ናኣ ወዲ ጠኒሳ ኣላ፣ ነታ መኻን እትብሀል እዚ
ወርሒ እዚ ሳድሳያ እዩ፣ በላ።

ኦሪት ዘጸኣት ፲፭.

፯ - ብዕቤት ግርማኻ ንዝተንስኡኻ ጨፍለቕካዮ-
ም ፣ ቍጥዓኻ ሰደድካ ፣ ከም ሓሰር በልዓቶም ።

መዝሙር ዳዊት ፻፵፯.

፭ - ጐይታና ዓብዩ እዩ ፣ ሓይሉ ብርቱዕ እዩ ፣
ምስትውዓሉ ወሰን የብሉን ።

መዝሙር ዳዊት ፻፮.

፰ - ንሱ ግና ስልጣኑ ምእንቲ ኺፍልጥሲ ፣
ስለ ስሙ ኢሉ ኣድሓኖም ።

መጽሓፍ ነህምያ ፱.

፮ - ንስኻ ፣ እወ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እግዚአ
ብሄር ሰማይን ሰማየ ሰማያትን ኩሉ ሰራዊቱን፣
ምድርን ኣብ ልዕሊኣ ዘሎ ኹሉን ፣ ባሕርን
ኣብኡ ዘሎ ኹሉን ፈጠርካዮ ፣ ነዚ ኹሉ ብህ
ይወት እተንብሮ ኸኣ ንስኻ ኢኻ ። ሰራዊት ሰ
ማይ ድማ ይሰግዱልካ ።

መዝሙር ዳዊት ፻፫.

፩ - ነፍሰይ ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ ፣
ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ፣ ንስኻ ኣዚኻ ዓብዩ
ኢኻ ፣ ግርማን ክብርን ለበስካ ።

መዝሙር ዳዊት ፻፵፭.

፪ - ኩሉ መዓልቲ ኽባርኸካ ፣
ስምካውን ንዘለኣለመ ኣለም ክውድስ እየ ።
፫ - እግዚኣብሄር ዓብዩ እዩ እሞ ፣ ምስጋና ይግ
ብኦ ፣ ዕብየቱ ዘይተመርማረ እዩ ።

### ፪ይ ጴጥሮስ ፩.

፲፩ - ከምኡውን ናብቲ ናይ ጐይታና መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ዘለኣለማዊ መንግስቲ ምእታው ብምልኣት ኪውሃበኩም እዩ።

### መዝሙር ዳዊት ፺.

፪ - ኣኽራን ከይተወልደ፡ ምድርን ዓለምን ከይፈጠርካ፡ ኤረ ንስኻስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላኽ ኢኻ።

### ትንቢት ኤርምያስ ፲.

፲ - ግናኸ እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ሓቂ፡ ህያው ኣምላኽ፡ ዘለኣለማዊ ንጉስ እዩ። ብቑጥዓኡ ምድሪ ተንቀጥቅጥ፡ ንኹራኡ ኸኣ ህዝብታት ኣይጾመምዎን።

### ትንቢት ኢሳይያስ ፳፮.

፬ - እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ከውሒ እዩ እሞ፡ ንዘለኣለም ብእግዚኣብሄር ተማሕጸኑ።

### ራእይ ዮሃንስ ፲፩.

፲፭ - እቲ ሳብዓይ መልኣኽውን መለኸት ነፍሔ፡ ኣብ ሰማይ ከኣ፡ መንግስቲ ዓለም ናይ ኣምላኽናን ናይቲ ቕቡኡን ኰይና እያ እሞ ንዘለኣለመ ኣለም ኪነግስ እዩ፡ ዚብል ዓው ዝበለ ድምጽታት ኰነ።

### ራእይ ዮሃንስ ፳.

፲ - እቲ ዘስሐቶም ድያብሎስውን ናብቲ እቲ ኣራዊትን እቲ ነብዩ ሓሶትን እተደርበይዎ ቐላይ ሓውን ዲንን ተደርበየ። ንዘለኣለመ ኣለም ከኣ ለይትን መዓልትን ኪሳቐዩ እዮም።

### ኦሪት ዘጸኣት ፲፬.

፳፩ - ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘር
ግሔ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብም
ልእታ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ ኣልጊሱ፣ ነቲ
ባሕሪ ኣንቀጾ። እቲ ማያት ከኣ ተመቕለ። ፳፪ -
ደቂ እስራኤል ድማ በቲ ንቑጽ ናብ ማእከል
ባሕሪ ኣተዉ። እቲ ማይ ከኣ ብየማን ጸጋሞም
ከም መንደቕ ደው በለ።

፳፮ - እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፣ ኢድካ ናብ
ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ፣ እቲ ማያት ናብ ልዕ
ሊ ግብጻውያን፣ ናብ ልዕሊ ሰረገላታቶምን ፈረ
ሰኛታቶምን ይምለስ፣ በሎ። ፳፯ - ሙሴ ኸኣ
ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ፣ እቲ ባሕሪ ድማ
ብጊዜ ጽባሕ በርቲዑ ናብ ምውሓዙ ተመልሰ፣
ግብጻውያን ከኣ ኪሀድሙ ኸለዉ ተጓነፍዎ። እግ
ዚኣብሄር ድማ ንግብጻውያን ናብቲ ማእከል
ባሕሪ ደርበዮም። ፳፰ - እቲ ማያት ከኣ ተመል
ሰ፣ ነቶም ደድሕሪኦም ናብ ባሕሪ ዝአተዉ፣
ንሰረገላታትን ንፈረሰኛታትን ንኹሉ ሰራዊት ፈር
ኦንን ድማ ደፈኖም። ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይተ
ረፈን።

፴ - ከምኡ እግ
ዚኣብሄር በታ መዓልቲ እቲኣ ንእስራኤል ካብ
ኢድ ግብጻውያን ኣድሐኖም። እስራኤል ድማ
ምዉታት ግብጻውያን ኣብ ገምገም ባሕሪ ረአየ።
፴፩ - እስራኤል እታ እግዚኣብሄር ኣብ ግብጻውያን
ዝገበራ ዓባይ ኢድ ረአየ እሞ፣ እቶም ህዝቢ
ንእግዚኣብሄር ፈርሁ። ብእግዚኣብሄርን ብባርያኡ
ሙሴን ድማ ኣመኑ።

ኦሪት ዘጸኣት ፲፮.፲፪-፲፭፣፴፭::

፲፪ - ምጕርምራም ደቂ እስራኤል
ሰሚዔ እየ እሞ፡ ምሸት ስጋ ኽትበልዑ ኢኹም፡
ብጊሓት ከኣ እንጌራ ኽትጸግቡ ኢኹም። ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምዃነይ ክትፈልጡ
ኢኹም፡ ኢልካ ተዛረቦም። ፲፫ - ኰነ ኸኣ፡ ንም
ሸቱ ብርኊንታት ተላዒለን ነቲ ሰፈር ከደናኦ።
ብጊሓት ድማ ኣብ ዙርያ እቲ ሰፈር ዛዕዝዓ ወ
ዲቑ ነበረ። ፲፬ - እቲ ዛዕዝዓ ምስ ዘፈፈ ኸኣ፡
እንሆ፡ ኣብ ገጽ እቲ በረኻ ገለ ደቂቕ ከቢብ፡
ከም ኣስሓይታ ዝምድቃቑ ኣብ ምድሪ ነበረ።
፲፭ - ደቂ እስራኤል ድማ እዚ ምስ ረኣዩ፡ እን
ታይ ምዃኑ ኣይፈለጡን እሞ፡ እዚ እንታይ እዩ፡
ኢሎም ንሓድሕዶም ተሓታተቱ።
፴፭ - ደቂ እስራኤል፡ ናብ ዓዲ ሃገረ ሰብ ክሳዕ
ዚኣትዉ፡ ኣርብዓ ዓመት ማና በልዑ።

## ንሚልዮን ማይ ኣስተየ

ኦሪት ዘጸኣት ፲፯.

፮ - እንሆ፡
ኣነ ኣብኡ ኣብ ቅድሜኻ ኣብ ልዕሊ ኸውሒ
ሆሬብ ደው ክብል እየ። ነቲ ኸውሒ ኸኣ ክት
ወቕዖ ኢኻ፡ ነቶም ህዝቢ ዚሰቲ ማይ ድማ
ካብኡ ኺወጽእ እዩ፡ በሎ። ሙሴ ድማ ኣብ
ቅድሚ እቶም ዓበይቲ እስራኤል ከምኡ ገበረ።

## ንውሒዝ ደው ኣበለ

መጽሓፍ እያሱ ፫.

፲፯ - እቶም ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዝጸሩ ኻህ
ናት ከኣ ኣብቲ ማእከል ዮርዳኖስ፡ ኣብቲ ንቑጽ
ቀጥ ኢሎም ደው ኢሎም ነበሩ። ብዘሎ እቲ
ህዝቢ ፈጺሙ ንዮርዳኖስ ክሳዕ ዚሳገሮ፡ ኲሉ
እስራኤል በቲ ንቑጽ ሓለፈ።

ትንቢት ዳንኤል ፫. ፳፩ –፳፪, ፳፯።

፳፩ - ሽው እዞም ሰባት እዚኣቶም ብቐምሾምን ባርኖሶምን መኻናጸፍያኦምን ብኹሉ ኽዳውንቶምን ተአሲሩ፡ ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኽአ ተደርበዩ። ፳፪ - እቲ ትእዛዝ ንጉስ እምብዛ ስለ ዝገንሐ፡እቲ እቶን ድማ ኣዝዩ ስለ ዝረሰነ፡ እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ዝደርበዩዎም ሰባት ቀተሎም።

፳፯ - እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉስን ተአኪቦም፡ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ኸም ዘይነበሮ ረአዩ። ጸጉሪ ርእሶም ኣይቃረየን፡ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፡ ኤረ ጨና ሓዊ እኳ ኣየሐለፎምን።

ትንቢት ዳንኤል ፮.

፲፮ - ሽው እቲ ንጉስ አዘዘ፡ ንዳንኤል ከኣ ኣምጽእዎ፡ ናብ ጉድጓድ ኣናብስውን ደርበዩዎ። ንጉስ ድማ ንዳንኤል፡ እቲ ኹሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽካ ንሱ የናግፍካ፡ በሎ።

፳፩ ፡ ፳፪ -

ሽው ዳንኤል ንንጉስ፤ ዎ ንጉስ፡ ንዘለኣለም ሀያው ኩን። ዎ ንጉስ፡ኣብ ቅድሚኡ ንጹሀ ኰይነ ተረኺበ እየ፡ ኣብ ቅድሜኻ ኸኣ ኣይበደልኩን እሞ፡ ኣምላኽይ መልኣኹ ልኢኹ፡ ኣፍ ኣናብስ ዐጸወ፡ ከቶውን ኣይጐድኡንን፡ ኢሉ መለሰሉ።

### ትንቢት ኤርምያስ ፳፫.

፳፱ - ቃለይዶ ኸም ሓውን ከም
ቲ ንኸውሒ ሓሸምሸም ዚብል ሞደሻን ኣይኮ
ነን፤ ይብል እግዚአብሄር ።

### እብራውያን ፬.

፲፪ - ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ፡
ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ፡ ነፍስን
መንፈስን፡ መፈላልዮ ኣካላትን ኣንጕዕን ክሳዕ ዚ
ፈላለ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ
ዚፈርድ እዩ ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፰.

፴፩ - ስለዚ የሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመ
ኑ ኣይሁድ፤ ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ ጸ
ናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢ ኹም ።

### ኤፌሶን ፮.

፲፯ - ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ
መንፈስ ሰይፊውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ።

### መዝሙር ዳዊት ፻፲፱.

፱ - ጕበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽህ፤
ከም ቃልካ ንነፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፭.

። ፫ - ንስኻትኩም ከኣ፡ ሳላ እቲ ዝነ
ገርኩኹም ቃል፡ ድሮ ንጹሃት ኢኹም ።

### ፊልጲ ፪.

ነቲ ቓል ህይወት ሒዝኩም በታ
መዓልቲ ክርስቶስ ንትምክሕተይ ምእንቲ ኸት
ኰኑ ።

# የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ዝተጋህደ እግዚአብሄር እዩ

ቈሎሴ ፪.

፱ - ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሐዲርዎ እዩ እሞ፡

ወንጌል ማቴዎስ ፩. ፳፫ - እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ፡ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ እዮም፡ ትርጉሙ፤ ኣምላኽ ምሳና እዩ። ፳፬ - ዮሴፍ ካብ ድቃሱ ተንሲኡ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኣዘዞ ገበረ፡ ንማርያም ሕጽይቱ ወሰዳ። ፳፭ - በ'ዅሪ ወዳ ኽሳዕ እትወልድ ከኣ ኣይፈለጣን። ስሙ ድማ የሱስ ሰመዮ።

ሮሜ ፩.

፬ - ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና ፡ ካብ ምዉታት ብምትንሳኡ፡ ብመንፈስ ቅድስና ወዲ ኣምላኽ ም'ዃኑ ብሓይሊ እተጋህደ፡

ወንጌል ዮሃንስ ፭.

፲፯ - ንሕጊ ኹሉ ወይስ ንነብያት ክፍጽሞም እምበር፡ ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። ፲፰ - ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዚሓልፍ፡ ኵሉ ኽሳዕ ዚፍጸም፡ ካብ ሕግስ የውጣ ወይስ ሓንቲ ሕንጣጥ ከም ዘይትሓልፍ፡ ብሓቂ እብለኩም እሎኹ።

## ደም ክርስቶስ ደም እግዚአብሄር እዩ

ሃዋርያት ፳.

፳፰ - ስለዚ ንርእስኹምን ነቲ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኰሉ መጓሰ ሐልዉ ።

### ራእይ ዮሃንስ ፩.

፰ - ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ እየ፡ ይብል እቲ ዘ
ሎን ዝነበረን ዚመጽእን ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብ
ሄር ኣምላኽ።

### ቈሎሴ ፩.

፲፫ - ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት
ዘውጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእ
ተወና። ፲፬ - ኣብኡ ምድሓንና፡ ማለት ሕድገት
ሓጢኣት፡ ዘለና፡ ፲፭ - ንሱ መልክዕ እቲ ዘይ
ርኤ ኣምላኽ፡ በዅሪ ዅሉ ፍጥረትውን እዩ።
፲፮ - ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፡ ዚርኤን
ዘይርኤን፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅ
ነት ወይስ ስልጣናት፡ ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ
ኣሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።

### ፩ይ ጢሞቴዎስ ፮.

፲፬ - ክሳዕ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነቲ
ትእዛዝ ብዘይ ርስሓትን መንቅብን ክትሕልዎ፡
ኣብ ቅድሚ እቲ ንዅሉ ህያው ዚገብር ኣምላ
ኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ጳንጥዮስ ጲላጦስ ጽ
ቡቕ ምእማን እተኣመነ ክርስቶስ የሱስን እእዝ
ዘካ ኣሎኹ። ፲፭ - ብግዝያቱ ዚገልጾ፡ እቲ ብ
ጹእ በይኑ ኸኣ ስልጣን ዘለዎ ንጉስ ነገስታት፡
ጐይታ ጐይተትውን፡ ፲፮ - ንሱ በይኑ ዘይመ
ውት፡ ሓደ ሰብ እኳ ከቶ ዘይረኣዮ ኪርእዮውን
ዘይኽእል፡ ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዚነብር፡ ን
እኡ ኽብርን ናይ ዘለኣለም ስልጣንን ይኹን።
ኣሜን።

# ክርስቶስ ምስ እግዚአብሄር በዓል ዓቢ ስልጣን እዩ

ወንጌል ዮሃንስ ፲፪.

፵፭ - ንኣይ ዚርኢ ነቲ ዝለኣኸኒውን ይርኢ ።

እብራውያን ፩.

፫ - ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራ
ቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ፡ ዅሉውን ብሓይሊ ቓ
ሉ ጸዊሩ ኸሎስ፡ ምንኣህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ፡
ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ ።

ኤፌሶን ፩.

፲፱
፳ - ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኣተንሲ
ኡ፡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፡ ኣብ
ታ እትመጽእውን እምበር፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ
ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ሽመትን ስልጣ
ንን ሓይልን ጐይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን
ምስ ኣርኣሶ፡ ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣ
ብና እንኣምን ዘሎና ኽም ስልጣን ሓይሉ ኣብ
ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ ንስኻትኩም እንታይ ም
ዃኑ ኽትፈልጥዎ፡ እጽልየልኩም ኣሎኹ ። ፳፪ -
ንብዘሎ ኽኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዘኦ፡ ኣብ
ልዕሊ ዅሉስ ርእሲ ምእንቲ ኪኸውን ድማ፡ ን
ታ ማሕበር ወፈዮ ።

ወንጌል ዮሃንስ ፲.

፴ - ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ።

፴፯ - እንተ ገበርኩ ግና፡ ኣቦ ኣባይ ምህ
ላዉ፡ ኣነውን ኣብ ኣቦ ምህላወይ ምእንቲ ኽት
ፈልጡን ከተስተብህሉንሲ፡ ንኣይ እኳ እንተ ዘይ
ኣመንኩምኒ፡ ነቲ ግብረይ እመንዎ ።

ወንጌል ዮሃንስ ፭.

፳፯ - ወዲ ሰብ እዩ እሞ፡ ኪፈርድ
ስልጣን ሀቦ ።

## ዡሉ ዚኸእል ስሉስ አምላኽ እዩ

ዕዩ ዮሃንስ ፳.

፺ - እቲ መንፈስውን ሓቂ እዩ እሞ ፡ እቲ መን ፈስ እዩ ዚምስክር ዘሎ ።

ግብሪ ሃዋርያት ፫.

፫ - ጴጥሮስ ከአ፣ በል ሃናንያ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኻብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸአ መቚልካ ኽት ሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልአ፣ ፬ - ከይተሸጠስ ናትካዶ አይነበረን፣ ምስ ሸጥ ካዮስ፡ አብ ኢድካዶ አይነበረን፣ ከመይ ጌርካኸ ነዚ ነገርዚ ብልብኻ ሐሰብካዮ፣ ንአምላኽ እም በር፡ ንሰብ አይሐሶኻን፡ በሎ። ፭ - ሃናንያ እዚ ቓልዚ ምስ ሰምዔ፡ ወደቐ፡ ነፍሱ ኸአ ወ ጸት። እቶም እዚ ዝሰምዑ ዘበሉ ዅሎም ከአ አዝዮም ፈርሁ።

## ንአመንቲ ይመልአም ድፍረትውን ይህቦም

ሃዋርያት ፬.

፴፩ - ምስ ለመኑ ኸአ፡ እታ ተአኪቦምላ ዘለዉ ስፍራ ተናወጸት፡ ዅላ ቶም ከአ መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ቓል አምላኽ ውን ብትብዓት ተዛረቡ።

## መለኮታዊ ፍቕሪ ከምዝዓዪ ይገብር

ሮሜ ፭.

፭ - በቲ እተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕ ሪ አምላኽ አብ ልብና ስለ ዝፈሰሰ፡ እታ ተስፋ ድማ አይተሕፍርን እያ ።

## ይሁዳ

፳፬ - ነቲ ካብ ውድቀት ዘበለ ኺሕልወኩም፡ ብሓጐስውን ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኬቕውመኩም ዚከአሉ፡

## ፪ይ ጢሞቴዎስ ፩.

፲፪ - ብምኽንያቱውን እየ እዚ ሓሳር እዚ ዝጸግብ ዘሎኹ፡ ግናኸ ብመን ከም ዝኣመንኩ እፈልጥ እየ፡ ነቲ ገንዘብ ሕድሪውን ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ምሕላዉ ኸም ዚከአሎ ተረዲኤዮ ኣሎኹ እሞ፡ ኣይሐፍርን እየ።

## ፪ይ ቈረንቶስ ፱.

፰ ፡ ፱ - ከምቲ እቲ ጽሑፍ፡ ዘረወ ንድኻታትውን ሀበ፡ ጽድቁ ንዘለኣለም ይነብር፡ ዚብሉ፡ ኣምላኽ ከኣ፡ ምእንቲ ብኹሉ ኹሉሳዕ ዚአክል ኵሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ኹሉ ጸብለል ክትብሉ፡ ጸጋ ዘበለ ኣብኻትኩም ጸብለል ኬብል ይከአሎ እዩ፡

## እብራውያን ፲፫.

፲፭ - ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ።

## ሮሜ ፬.

፲፮ - ኣብርሃም ከኣ ኣቦ ኹላትና እዩ፡
፳ - ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሀበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ ኣምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይ ተዋላወለን። ፳፩ - ነታ ዝሀቦ ተስፋ ኺገብራውን ክእለት ከም ዘለዎ፡ ኣጸቢቑ ተረዲኡ ነበረ።

### ፊልጺ ፫.

፳፩ - ንሱ በቲ ንኹሉ ኺመልክሉ ዚከአሉ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፡ ነዚ ናይ ውርደት ስጋና ኺልውጦ እዩ።

### ትንቢት ዳንኤል ፬.

፴፫ - ሕጂ ድማ አነ ነቡካድነጻር ነቲ ንጉስ ሰማይ ኤመስግኖን ልዕል ኤብሎን ኤኽብሮን አሎኹ። ተግባሩ ኹሉ ሓቂ፡ መገድታቱ ኸኣ ፍርዲ እዩ እሞ፡ ነቶም ተዐበዩም ዚኸዱ ኼዋርዶም ይኽእል እዩ።

### ትንቢት ዳንኤል ፫.

፲፯ - ዎ ንጉስ፡ እቲ እነምልኾ አምላኽ ካብቲ ጕሀር እቶን ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል እዩ፡ ካብ ኢድካውን ኬናግፈና እዩ። ፳፰ - ድሕርዚ ነቡካድነጻር ናብ ኣፍ እቲ ጕሀር እቶን ሓዊ ቀረበ እሞ፡ ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ዓብድ-ኔጎ፡ ኣቱም ባሮት ልዑል ኣምላኽ፡ ውጹ፡ ናብዚ ንዑ፡ ኢሉ ተዛረበ። ሽዑ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ካብቲ ሓዊ ወጹ። ፳፯ - እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉስን ተአኪቦም፡ ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ኸም ዘይነበሮ ረአዩ። ጸጕሪ ርእሶም ኣይቃረየን፡ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፡ ኤረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሐለፎምን።

### እብራውያን ፲፩.

፲፱ - ኣምላኽ ካብ ምውታት ድማ ኬተንስኦ ኸም ዚከኣሎ ሐሰበ፡ ካብ ኡውን ብምሳሌ መሊሱ ረኸቦ።

፪ይ ጢሞቴዎስ ፫.

፲፬ ፡ ፲፭ - ንስኻ ግና ካብ እንመን ከም እተመሀርካ ፈሊጥካ፡ ነተን ካብ ቍልዕነትካ ጀሚርካ ብእምነት ብክርስቶስ የሱስ ን ምድሓን ኬለብማኻ ዚኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈ ሊጥካ፡ በቲ እተምሀርካዮን እተረዳእካዮን ጽናዕ።

ሮሜ ፲፬.

፬ - ንስኻኸ ኣብ ጊልያ ኻልእ እትፈርድ እን ታዋይ ኢኻ ፡ ንሱ ንጐይታኡ እዩ ደው ዚብል ወይስ ዚወድቕ። ግናኸ እግዚኣብሄር ደው ከብ ሎ ይኽእል እዩ እሞ ፡ ደው ኪብል እዩ።

ኤፌሶን ፫.

፳ - ግናኸ ከምቲ ኣባና ዚገብር ሓይሊ ፡ ካብ ቲ ንሕና እንልምኖን እንሐስቦን ዘበለ እምብዛ ኣዕዚዙ ኺገብር ዚከኣሎ፡ ፳፩ - ካብ ዘለኣለም ንዘ ለኣለም ንዅሉ ውሉድ ወለዶታት ኣብታ ማሕ በር ብክርስቶስ የሱስ ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን ።

ግብሪ ሃዋርያት ፳.

፴፪ - ሕጂ ድማ ንኣምላኽን ነቲ ኺሀንጸኩምን ምስ ኲላቶም ቅዱሳን ኬረስትየኩምን ዚኽእል ቃል ጸጋኡን ኤማሕጽነኩም አሎኹ ።

ሮሜ ፲፩.

፩ - እምብኣርሲ እብል አሎኹ፡ ኣምላኽ ንህዝ ቡዶ ደርብዩዎም እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። ኣነ እኳ እስራኤላዊ ፡ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ፡ ካብ ዓሌት ብንያም እየ። _ _ _ _ _ ፳፫ - ንሳቶም ኣብቲ ዘይምእማኖም እንተ ዘይጸንዑ ግና ፡ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪተኽሎም ይኽእል እዩ እሞ፡ ኪትከሉ እዮም ።

### መዝሙር ዳዊት ፻፴.

፫ - ዎ እግዚአብሄር፡ ኣበሳ እንተ ተቘጻጸርካስ፡
ጐይታየ፡ መን ደው ኪብል እዩ፧
፬ - ግናኸ ምእንቲ ኺፈርሁኻ፡ ይቕሬታ ምሳኻ
ኣሎ።

### ፪ይ ዜና መዋእል ፯.

፲፬ - እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት
እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ
፡ካብ ክፉእ መገዱድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣ
ነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ይኽ
ረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እ*ዮ*

### ወንጌል ማርቆስ ፪.

፱ - ኣየናይ ይቐልል፡ ነዚ መጻጕዕ ሓጢ
ኣትካ ተሐዲጉልካ ምባልዶ፡ ወይስ ተንስእ እሞ
ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ ፡ ምባል ፧ ፲ - ወዲ ሰብ
ግና ሓጢኣት ኪሐድግ ኣብ ምድሪ ስልጣን ከም
ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ — ነቲ መጻጕዕ፧ ፲፩ -
ንኣኻ እብለካ ኣሎኹ፧ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣል
ዒልካ ናብ ቤትካ ኺድ ፡ በሎ ። ፲፪ - ብኡብኡ
ተንሲኡ፡ ዓራቱ ኣልዒሉ ፡ ኣብ ቅድሚ ኵሎም
ወጸ፡ ኵሎም ተደነቑ እሞ፧ ከምዚ ዝበለስ ከቶ
ኣይርኤናን፡ ኢሎም ንኣምላኽ ኣመስገንዎ ።

### ወንጌል ሉቃስ ፲፪.

፲ - ኣብ ወዲ ሰብ ዘ
ረባ ዝበለ ዅሉ ኺኣ ይሕደገሉ፡ ነቲ ንመንፈስ
ቅዱስ ዚጸርፍ ግና፡ ኣብዚኣ ኾነ ወይስ ኣብታ
እትመጽእ ዓለም፡ ኣይሕደገሉን እዩ ።

### ፪ይቈረንቶስ ፭.

፲፯ - ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ ፡ እንሆ ፡ ዅሉ ሓድሽ ኰይኑ ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፩.

፳፮ - ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብአይ ዚአምን ከአ ንዘለኣለም ኣይኪመውትን እዩ ። እዚዮ ትአምኒ ኢኺ ፡ በላ ።

### እብራውያን ፭.

፱ ፡ ፲ - ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ብአምላኽ ሊቀ ኻህናት ተሰምዩ ፡ ፍጹም ምስ ኰነ ኸኣ ፡ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ዅላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓኖም ምኽንያት ኰኖም ።

### ሮሜ ፮.

፳፫ - ከምቲ ሓጢኣት ብሞት ዝገዝኤ ፡ ጸጋውን ከምኡ ብየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ብጽድቂ ንዘለኣለም ህይወት ኪገዝእ እዩ ።

### ፪ይ ጢሞቴዎስ ፩.

፲ - ሕጂ ግና ብምግሃድ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ተገልጸ ፡ ንሱ ንሞት ዝሰዐሮ ፡ ንህይወትን ንዘይምጥፋእን ብወንጌል ናብ ብርሃን ዘውጽአ ፡

### ወንጌል ዮሃንስ ፲.

፲ - ሰራቒ ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽ እን እዩ ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽበ እየ ዝመጻእኩ ።

### ወንጌል ሉቃስ ፭.

፲፯ - ኰነ ድማ፡ ሓንቲ መዓልቲ ንሱ ኺምህር ከሎ፡ ካብ ኩሉ ዓድታት ገሊላን ይሁዳን የሩሳሌምን ዝመጹ ፈሪሳውያንን መምህራን ሕግን ተቐሚጦም ነበሩ፡ ሓይሊ እግዚአብሄርውን ንምሕዋይ ምስኡ ነበረ።

### ወንጌል ሉቃስ ፰.

፵፫ - እንሃ፡ ካብ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሒዙ ደም ዛሕዛሕ ዚብላ ሰበይቲ ነበረት። ንሳ ኸኣ ኩሉ ገንዘባ ንሓኪማት ወድኤት፡ ግናኸ ሓደ እኳ ኺፍውሳ ኣይከአለን። ፵፬ - ብድሕሪኡ ቐሪባ ዘፈር ክዳኑ ተንከየት፡ ብኡብኡ እቲ ምኽዓው ደማ ኣቋረጸ።

### ወንጌል ማርቆስ ፮.

፶፮ - ኣብ ዝአተዎ ዘበለ ድማ፡ ኣብ ዓድታት ኰነ፡ ወይ ኣብ ከተማታት፡ ወይ ኣብ ኣቑሻት፡ ነቶም ሕሙማት ኣብ ዕዳጋታት በጥ ኣበልዎም፡ ዘፈር ክዳኑ ኺትንክዩ ድማ ለመንዎ። ዝተንከዩ ዘበለ ኹሎውን ሐወዩ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፰.

፲፮፡ ፲፯ - ምሸት ምስ ኰነ፡ ኢጋንንቲ ዝሐደርዎም ብዙሓት ናብኡ ኣምጽኡ። እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ፡ ንሱ ድኻምና ወሰደ፡ ሕማምናውን ጾረ፡ እተባህለ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ብቓሉ መናፍስቲ ኣውጽኤ፡ ሕማም ንዘለዎም ኩሎም ድማ ኣሕወዮም።

ወንጌል ሉቃስ ፲፫.

፲፫ - ኢዱ አንበረላ፣ ብኡብኡ ቀንዔት፣ ንኣም ላኽውን አመስገነቶ።

ወንጌል ሉቃስ ፯.

፳፩ - ሽው በታ ሰዓት እ ቲአ ኻብ ሕማምን ቃንዛን ካብ ርኹሳት መናፍስ ትን ንብዙሓት አሕወየ፣ ንብዙሓት ዕዉራትውን ምርኣይ ሀበም።

ወንጌል ዮሃንስ ፭.

፭ - ሰላሳን ሾሞንተን ዓመት ዝሐመመ ሰብኣይ ከአ ኣብኣ ነበረ።
፰ - የሱስ ከአ፣ ተንስእ፣ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ፣ በሎ። ፱ - እቲ ሰብኣይ ብኡብኡ ሐወየ፣ ዓ ራቱ ኣልዒሉውን ከደ።

ወንጌል ማቴዎስ ፰.

፲፬ - የሱስ ናብ ቤት ጴጥሮስ ምስ አተወ፣ ን ሓማት ጴጥሮስ ብዓሶ ተትሒዛ ደቂሳ ረአያ። ፲፭ - ኢዳ ተንከያ፣ ዓሶአውን ሐደገታ። ተንሲአ ኽአ ኣገልገለቶ።

ወንጌል ማቴዎስ ፰.

፫ - ኢዱ ዘርጊሑ፣ ፈተየ አሎኹ፣ ንጻህ፣ ኢሉ ተንከዮ። ብኡብኡ ኻብ ለምጹ ነጽሄ።

ወንጌል ሉቃስ ፳፪.

፶ - ሓደ ኻብኣቶም ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቕዖ ፣ የማነይቲ እዝኑ ቈረጸ። ፶፩ - የሱስ ከአ፣ ክሳዕዚ ይብጽሑ ሕደግዎም፣ ኢሉ መለሰሎም። እዝኑ ተንከዩውን አሕወዮ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፱

፳፫ - ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ እቶም ዕዉ ራት ናብኡ መጹ ። የሱስ ድማ፡ እዚ ምግባር ክም ዚክእለኒዶ ትኣምኑ ኢኹም፡ በሎም ። ን ሰቶም፡ እወ ጐይታይ፡ በልዎ ። ፳፱ - ሽዑ፡ ክም እምነትኩም ይኹነልኩም፡ ኢሉ ኣዒንቶም ተንከ የ ። ፴ - ኣዒንቶምውን ተኸፍታ ። የሱስ ድማ፡ ሓደ እኳ ኸይፈልጥ ተጠንቀቑ፡ ኢሉ ኣሕሚሙ ተዛረቦም ።

### ወንጌል ሉቃስ ፲፯

፲፪፡ ፲፫ - ናብ ሓንቲ ዓዲ ኺአቱ ኸሎ፡ ዓሰርተ ለምጻማት ተጓ ነፍዎ ። ኣብ ርሑቕ ደው ኢሎም ክኣ ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡ ዎ የሱስ መምህር፡ ምሓረና፡ በ ልዎ ። ፲፬ - ንሱ ርእዩዎም፡ ኪዱ፡ ርእስኹም ን ኻህናት ኣርእዩ፡ በሎም ። ኩኑ ኸኣ፡ ኪኸዱ ኸለ ዉ፡ ነጽሁ ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፲፪

፲፫ ሽሁ ነቲ ሰብኣይ፡ ኢድካ ዘርግሕ፡ በሎ ። ኢዱ ዘርግሔ፡ ብእቲብኡ ኸኣ ሐወየት፡ ከምታ ኻልኣይቲ ውን ኰነት ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፰

፭፡ ፮ - ናብ ቅፍርናሆም ምስ ኣተወ፡ ሓለቓ ሚእቲ ናብኡ መጺኡ፡ ጐይታይ፡ ቈልዓይ መጽ ጕዕ ኣብ ገዛይ ወዲቑ፡ ብዙሕ ከኣ ይቕንዞ ኣሎ፡ እናበለ ለመኖ ። ፯ - የሱስ ድማ፡ እኔኹ፡ መጺአ ኸሕውዮ እየ፡ በሎ ። ፲፫ - የሱስ ነቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ኪድ፡ ክም ዝኣመንካዮ ይኹነልካ፡ በሎ ። እቲ ቈልዓ ኸኣ በታ ሰዓት እቲኣ ሐወየ ።

# የሱስ ከሕውዮ ዘይክእል ሕማም የሎን

## ወንጌል ማቴዎስ ፬.

፳፫ - የሱስ ድማ ኣብ ኵላ ገሊላ ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሀረ ፡ ወንጌል መንግስቲውን እና ሰበኸ ፡ ኵሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ዥሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ ።

## ወንጌል ሉቃስ ፮.

፲፯ - ምስታቶም ወሪዱ ድማ ፡ ሰጥ ኣብ ዝበለ ቦታ ደው በለ ፡ ብዙሓት ካብ ደቀ መዛሙርቱን ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ካብ ብዘሎ ይሁዳን የሩሳሌምን ገምገም ባሕሪ ጢሮስን ሲዶናን ኪሰምዕዎ ኻብ ሕማሞም ውን ኪሐውዩ ዝመጹ ኣብኡ ነበሩ ። ፲፰ - እቶም ብርኹሳት መናፍስቲ ዚሳቐዩ ዝነበሩውን ሐወዩ ። ፲፱ - እቶም ህዝቢ ኸኣ ኵላቶም ኪትንክይዎ ይደልዩ ነበሩ ። ካብኡ ሓይሊ ይወጽእ ነበረ እሞ ፡ ንብዘለዉ ኣሕወዮም ።

## ወንጌል ማቴዎስ ፲፩.

፭ - ብዙሓት ሰብ ድማ ፡ ሓንካሳት ፡ ዕዉራት ፡ ጸማማት ፡ ቈራያት ፡ ብዙሓት ካልኦትውን ምስታቶም ሒዞም ፡ ናብኡ መጹ ፡ ኣብ ጥቓ እግሪ የሱስውን ኣንበርዎም ። ንሱ ኸኣ ኣሕወዮም ።

## ወንጌል ማቴዎስ ፲፱.

፪ - ብዙሕ ህዝቢ ሰዐቦ ፡ ኣብኡ ኸኣ ኣሕወዮም ።

## ያእቆብ ፭.

፲፬ - ኣብ ማእከልኩምከ ዝሐመመዶ ኣሎ ፧ ንሽማግሌታት ማሕበር ይጸውዕ ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር ፡ ዘይቲ እናለኸይዎ ፡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ ። ፲፭ - እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ እያ ፡ ጐይታውን ከተንስኦ እዩ ። ሓጢኣት ገይሩ እንተ ኰይኑውን ኪሕደገሉ እዩ ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፳፯.

፵፭ - የሱስ ገንሐ፥ እቲ ጋ ኔን ከአ ካብኡ ወጸ ። እቲ ቈልዓ ድማ ካብታ ሰዓት እቲኣ ሒዙ ሐወየ ።

### ወንጌል ሉቃስ ፰.

፳፯ - ኣጋንንቲውን ፤ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፥ እናበሉን እናጨደሩን ካብ ብዙ ሓት ይወጹ ነበሩ። ይገንሖም ከኣ ነበረ፥ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ ድማ፥ ኪዛረቡ ኣይፈቐደሎምን ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፲፪.

፳፪ - ድሕርዚ ኸኣ ጋኔን ዝሐደሮ ዕዉር ዓ ባስ ናብኡ ኣምጽኡ ። ንሱ ድማ ነቲ ዕዉር ዓ ባስ ዚርእን ዚዛረብን ገይሩ ኣሕወዮ ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፰.

፳፰ - ናብ ምድሪ ጌርጌሴኖን ምስ ተሳገሩ፥ ኣ ጋንንቲ ዝሐደርዎም ክልተ ሰብ ካብ መቓብር ወጺኦም ተጓነፍዎ ። ንሳቶም፥ ሓደ እኳ በታ መገ ዲ እቲኣ ምሕላፍ ክሳዕ ዚስእን፥ ኣዝዮም ክፉኣት ነበሩ ። ፳፱ - እንሆ ኸኣ ፤ የሱስ ወዲ ኣምላኽ፥ ምሳኻ እሞ እንታይ ኣሎና፤ ቅድሚ ጊዜኡ ኽት ሳቕየናዶ ናብዚ መጺኣካ፤ እናበሉ ጨርሑ ። ፴ - ካባታቶም ርሕቕ ኢሉ ብርቱዕ መጓሰ ሓሰማታት ይበልዕ ነበረ ። ፴፩ - እቶም ኣጋንንቲ ድማ ፤ እ ተውጽኣና እንተ ኾንካስ፥ ናብዚ መጓሰ ሓሰማታት ክንእቱ ፍቐደልና፥ ኢሎም ለመንዎ ። ፴፪ - ንሱ ኸኣ፤ ኪዱ፥ በሎም። ወጺኦም ድማ ናብተን ሓሰ ማታት ኣተዉ ። እንሆ ኸኣ፥ ብዘሎ እቲ መጓሰ ኻብ ጸድፊ ነፊጹ ናብ ባሕሪ ኣተወ፥ ኣብቲ ማይ ከኣ ሎምም በለ ።

# ንሙውታት ዜተንስእ ሐይሊ ክርስቶስ

### ወንጌል ሉቃስ ፯.

፲፬ - ቀሪቡ ነቲ ቓሬዛ ተንከዮ፡ እቶም ጸወርቲውን ደው በሉ። ንሱ ኸኣ፤ ኣታ ጐበዝ፡ ተንስእ፡ እብለካ አሎኹ፡ በሎ። ፲፭ - እቲ ምዉት ተንሲኡ ተቐመጠ፡ ምዝራብውን ጀመረ፡ ነዲኡ ድማ ሀባ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፩.

፳፫ - የሱስ ድማ፤ ሓውኪ ኺትንስእ እዩ፡ በላ። ፳፬ - ማርታ ድማ፤ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ብትንሳኤ ኸም ዚትንስእሲ፡ እፈልጥ አሎኹ፡ በለቶ። ፳፭ - የሱስ ከኣ፡ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝአመነስ እንተ ሞተ እኳ፡ ብህይወት ኪነብር እዩ። _ _ _ ፵፫ - እዚ ምስ በለ፤ ኣልኣዛር ንዓ፡ ናብ ወጻኢ ውጻእ፡ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨደረ። ፵፬ - እቲ ምዉት ብግኑዙ፡ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብእሱሩ ገጹውን ብመኣረምያ ተገንገኑ ኸሎ ወጸ። የሱስ ድማ፤ ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ፡ በሎም።

### ወንጌል ሉቃስ ፰.

፵፱ - ንሱ ገና ኺዛረብ ከሎ፡ ሓደ ኻብ ገዛ መራሒ ቤት ጸሎት፤ ጓልካ ሞይታ፡ ደጊም ንመምህር ኣይተድክሞ፡ እናበለ መጸ። ፶፬ - ንሱ ኸኣ ንኹሎም ናብ ወጻኢ ኣውጺኡ፡ ብኢዳ ሒዙዐው ኢሉ፤ ኣቲ ጓል፡ ተንስኢ፡ በለ። ፶፭ - ሽው ትንፋሳ ተመልሰት እሞ ብኡብኡ ተንስኤት፡ ዚብላዕ ኪህብዋ ድማ አዘዘ።

### ግብረ ሃዋርያት ፳፬.

፲፭-ከምቲ ንሳቶም ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ትንሳኤ ኪኸውን ዚጽበይዎ፡ ከምኡውን ኣነ ኣብኣምላኽ ተስፋ አሎኒ።

፩ይ ቈረንቶስ ፲፭.

፲፱ - ግናኸ እቲ ንጎይታና የሱስ ዘተንስኦ ንኣናውን ምስ የሱስ ከም ዜተንስኣና እሞ ምሳኻትኩም ኣብ ቅድሚኡ ኸም ዜቑመና እናፈለጥና፡ ከምቲ፤ አሚን ስለዚ ተዛረብኩ፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ እቲ ሓደ መንፈስ እምነት ካብ ዚህልወና፡ ንሕና ድማ ንኣምን፡ ስለዚውን ንዛረብ አሎና።

፩ይ ተሰሎንቄ ፬.

፲፯ - ጎይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ኪወርድ እዩ፡ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም።

ወንጌል ዮሃንስ ፭.

፳፰ ፣ ፳፱ · ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፡ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፡ በዚ ኣይትደነቑ።

ወንጌል ዮሃንስ ፭.

፳፭ - እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ፡ እቶም ዚሰምዕዎ ድማ ህያዋን ኪኾኑ እዮም፡ ኢለ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።

ወንጌል ዮሃንስ ፮.

፴፱ ፣ ፵ - ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚአምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንሱ ዝሀበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ እምበር፡ ሓደ እኳ ኽየጥፍእ፡ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለአኸኒ እዩ።

# እቲ ዓቕን ዘይብሉ ሓይሊ ክርስቶስ

## ወንጌል ማቴዎስ ፳፰.

፲፰ - የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂ ቡኒ ኣሎ ።

## ሮሜ ፩.

፳ - ዚማኻንይዎ ምእንቲ ኪስእኑስ፡ እቲ ኻብ ፍ ጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ፡ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርኤ ።

## ፩ይ ጴጥሮስ ፫.

፳፪ - ንሱ ናብ ሰማይ ዐሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፡ ንእኡ መላእኽትን ስልጣናትን ሓይልታትን ይግዝእዎ ኣለዉ ።

## ወንጌል ዮሃንስ ፫

፴፩ - እቲ ኻብ ላዕሊ ዚመጽእ ዘሎ፡ ንሱ ልዕ ሊ ኹሉ እዩ ። ካብ ምድሪ ዝኾነ ምድራዊ እ ዩ፡ ናይ ምድሪውን ይዛረብ ። እቲ ኻብ ሰማይ ዚ መጽእ ዘሎ ግና፡ ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ ።

## ራእይ ዮሃንስ ፫.

እቲ ቅዱስ፡ ሓቀኛ፡ መርሖ ዳዊት ዘለዎ፡ ንሱ ምስ ከፈተ፡ ሓደ እኳ ዘይዐጽዎ፡ ንሱ ምስ ዐጸወ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ዘይከፍት፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፤

## ፪ይ ጴጥሮስ ፩.

፫ - እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብ ሄርን ዚኸውን ኩሉ ኻብ ዚህበና፡

## ኵሉ የፍልጥ

*ወንጌል ማቴዎስ ፲፯.*

፳፯ - ከይንዕንቅፎም ግና፣ ናብ ባሕሪ ኺድካ መቓጥን ደርቢ፣ነቲ ቕድም እትሕዞ ዓሳ ውሰድ፣ ኣፉ ምስ ከፈትካ፣ ኣብኡ ሓደ እስታቴር ክትረክብ ኢኻ። ንእኡ ወሲድካ፣ ኣብ ክንዳይን ኣብ ክንዳኻን ሀቦም፣ በሎ።

ሮሜ ፪. — ፲፮ - በታ፣ ከም ወንጌለይ ገይሩ፣ ኣምላኽ ነቲ ምስጢራት ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ዚፈርደላ መዓልቲ ኸምኡ ኪኸውን እዩ።

ወንጌል ዮሃንስ ፮. ፷፬፣ ፷፭ - የሱስ ግና፣ ኣብ ሰብ ዘሎ ባዕሉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፣ ሓደ እኳ ብናይ ሰብ ኪምስክረሉ ኣየድለዮን፣ ንዅሎም ይፈልጦም ነበረ እሞ፣ ኣይኣመኖምን።

## 5000 የምግብ

*ወንጌል ማቴዎስ ፲፬.*

፲፯ - ንሳቶም ከኣ፤ ኣብዚ ብዘይ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ገለ የብልናን፣ በልዎ። ፲፰ - ንሱ ግና፤ ናባይ ኣምጽእዎ፣ በለ። ፲፱ - እቶም ሰብውን ኣብ ሳዕሪ ኪቕመጡ ኣዘዘ። ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣልዒሉ፣ ናብ ሰማይ ገጹ ቍሊሑ በለ፣ ባረኸ፣ ቈረሰ። ንደቀ መዛሙርቱ ሀቦም። ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ነቶም ሰብ ሀብዎም። ፳ - ኵሎም በሊዖም ጸገቡ። እቲ ዝተረፈ ቘረርስ ድማ ዓሰርተው ክልተ መሶብ መሊኦም ኣልዐሉ። ፳፩ - እቶም ዝበልዑ፣ ብዘይ ኣንስትን ቈልዑን፣ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ ነበሩ።

## ብማየ ማይ የኸይድ

ወንጌል ማቴዎስ ፲፬.

፳፭ - የሱስ ባሕረ ባሕሪ እናኸደ፣ ብራብዓይ ምቃል ለይቲ መጸም፡

## ንዓለም የጠርንፍ

ቈሎሴ ፫.

፲፮ - ብመዝሙርን ውዳሴን መንፈሳዊ ቕኔን ን ሓድሕድኩም አስተምህሩን ምዐዱን፣ ብልብኹም ውን ብጸጋ ንአምላኽ እናዘመርኩም፣ ቃል ክርስ ቶስ ብኹሉ ጥበብ መሊኡ ይሕደርኩም። ፲፯ - ብቓል ኰነ ወይስ ብግብሪ እትገብርዎ ዘበለ ኹ ሉ ብስም ጐይታና የሱስ ግበርዎ፣ ብእኡ ኸአ ንእግዚአብሄር አቦ አመስግንዎ።

## ብመንደቕ ንውሽጢ የእቱ

ወንጌል ዮሃንስ ፳.

፲፱ - ድሕሪ ሸሞንተ መዓልቲ ኸአ አቶም ደቀ መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ ኣብ ውሽጢ ነበሩ፣ ቶማስውን ምሳታቶም ነበረ። መዓጹ ተሸጒሩ ኸሎ፣ የሱስ መጸ፣ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ ውን፣ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን፣ በሎም።

## ንማዕበል ባሕሪ የህድእ

ወንጌል ማቴዎስ ፰.

፳፮ - ንሱ ኸኣ፣ ኣ ቱም ጐዱላት እምነት ፣ ከመይከ እትፈርሁ፣ በ ሎም ። ሽው ተንሲኡ ንንፋስን ንባሕርን ገን ሖም ። ዓብዩ ህድኣት ከአ ኾነ።

ሮሜ ፰.

፲፩ - ናይ እቲ ንየሱስ ካብ ምዉ
ታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣብኻትኩም ሓዲሩ እን
ተ ኣልዩ ግና ፡ እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምዉ
ታት ዘተንስአ ፡ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን ፡
በቲ ኣብኻትኩም ሓዲሩ ዘሎ መንፈሱ ገይሩ ፡
ህያው ኪገብሮ እዩ ።

መዝሙር ዳዊት ፺፪.

፩ - ኵሉኹም ሃገራት ፡ ንኣምላኽ እልል በሉሉ፡
፪ - ንኽብረ ስሙ ዘምሩ ፡ ንውዳሴኡ ኽብረ
ሀቡ ። ፬ - ንኣምላኽ ከኣ ፡ ግብርታትካ
ኽንደይ ዜፍርህ እዩ ፡ ጸላእትኻ ሳላ ዕቤት
ስልጣንካ ኣቃባጢሮም ይግዝኡኻ ፡ በልዎ ።
፭ - ኵላ ምድሪ ኽትሰግደልካ ኽትዝምረልካውን
እያ ፡ ንስምካ ኽትዝምር እያ ።

ራእይ ዮሃንስ ፩.

፲፰ · ኣነ እቲ ቀዳማይን
እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ ፡ ኣይትፍ
ራህ። ሞይተውን ነበርኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ንዘለኣለመ
ኣለም ህያው እየ ፡ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ
ኣሎኒ ።

## ንመንግስቱ ብሐይሊ የትሕዞ

፩ይ ቈረንቶስ ፬.

፳ - መንግስቲ ኣምላኽ ብሓይሊ እምበር ፡
ብዘረባ ኣይኰነትን ዘላ እሞ ፡

ራእይ ዮሃንስ ፲፪. ፲፩ - እዚኣቶም
ምስቲ ገንሸል ኪዋግኡ እዮም፡ እቲ ገንሸል ግና፡
ጕይታ ጕይተትን ንጉሰ ነገስትን እዩ እሞ ኪስዕ
ሮም እዩ ።

## ልዕሊ ኵሉ ህይወት እዩ

ወንጌል ዮሃንስ ፲፯.

፩፡ ፪ - የሱስ እዚ ተዛሪቡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ በለ፤ ዎ ኣቦ፡ ሕጂ እታ ጊዜ በጺሓ፡ ነዞም ዝሀብካዮ ዅላቶም ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺህቦምሲ፡ ንወድኻ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ምልኪ ሂብካዮ ኢኻ እሞ፡ ንሱ ምእንቲ ኬኽብረካስ፡ ንወድኻ ኣኽብሮ።

## ምስሞተ ንመሬት ኣንቀጥቂጧ

ወንጌል ማቴዎስ ፳፯.

፶ - የሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብዪ ድምጺ ጨርሔ፡ ነፍሱ ድማ ወጸት። ፶፩ - እንሆ፡ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሉ ኽሳዕ ታሕቱ ኣብ ክልተ ተተርተረ። ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፡ ኣኻውሕ ድማ ተጨደ።

## ንገዛእ ርእሱ ካብ ሞት ኣተንሲኡዎ

ወንጌል ዮሃንስ ፲.

፲፯ - ኣነ ንነፍሰይ በጃ ኽሕልፋ፡ መሊሰውን ክወስዳ እየ እሞ፡ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ እዩ። ፲፰ - ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር፡ ካባይ ዚወስዳስ የልቦን። በጃ ኽሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ኻብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ።

## ክብሪ መንግስተ ሰማያት የንጸባርቕ

ወንጌል ማቴዎስ ፲፯.

፪ - ኣብ ቅድሚኦም ድማ ትርኢቱ ተለወጠ። ገጹ ኸም ጸሓይ ኣብርሀ፡ ክዳኑውን ከም ብርሃን ጻዕደወ።

## ብሐይልን ብክብርን የምልስ

ወንጌል ማቴዎስ ፳፮.

፷፬ - የሱስ ክኣ ፡ ንስ
ኻኳ በልካ ። ድሕሪ ሕጂ ግና ወዲ ሰብ ፡ ኣብ
የማን ሓይሊ ተቐሚጡ ፡ ብደበና ሰማይ ኪመ
ጽእ ክለሉ ኽትርእዩ ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ፡
በሉ ።

## ካብ ሐጥያት ይቕረ ይብል

ወንጌል ማቱዎስ ፱.

፮ - ን
ወዲ ሰብ ግና ሓጢኣት ኪሐድግ ኣብ ምድሪ
ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ ፡ ሽው
ነቲ መጻጉዕ፤ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ
ናብ ቤትካ ኺድ ፡ በሎ ።

## ናይ ዘልኣለም ህይወት ይህብ

ወንጌል ዮሃንስ ፲.

፳፯ - እተን ኣባጊ
ዔይ ግና ድምጻይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡
ንሳተንውን ይስዕባኒ ። ፳፰ - ኣነ ኸኣ ህይወት ዘ
ለኣለም እህበን ፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እ
የን ፡ ካብ ኢደይውን ዚምንዝዔን የልቦን ።

ወንጌል ሉቃስ ፳፬.

፵፯ - ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢ
ኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ዙሉም ኣህዛብ
ኪስበኸ ፡ ጽሑፍ እዩ ።

ጴጥሮስ ፩.

፪ - ከምቲ ናይ ቀደም ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣ
ቦና ብቕድስና መንፈስ ንምእዛዝን ብደም የሱስ
ክርስቶስ ንምንጻግን ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም
ይብዛሕ ።

### ፊልጺ ፪.

፱ — ፲፩ - ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለ ውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምዃኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኵሉ ስም ልዕል

### ወንጌል ዮሃንስ ፳.

፴፩ - ግናኸ የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትኣምኑ፡ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ እዩ እዚ እተጻሕፈ።

### ወንጌል ማርቆስ ፱.

፴፰ - ዮሃንስ ከኣ፤ መምህር፡ ሓደ ዘይስዕበና ብስምካ ኣጋንንቲ ኼውጽእ ከሎ ርኢናዮስ፡ ንሱ ስለ ዘይሰዐበና ኸሊእናዮ፡ በሎ። ፴፱ - የሱስ ከኣ በለ፤ ኣይትኸልእዎ። ብስመይ ሓይሊ ዚገብር እሞ ብኡብኡ ሕሱም ኪዛረበለይ ዚኸእል ሓደ እኳ የልቦን።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፬.

፲፫ - ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ኪኽብርሲ፡ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽገብረልኩም እየ።

### ግብሪ ሃዋርያት ፫.

፮ - ጴጥሮስ ከኣ፤ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እሀበካ፤ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ። ፲፮ - ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡ ብኡብኡውን ኣእጋሩን ዓክዓክሪቶኡን ጸንዔ።

ኤፌሶን ፩ ፯ - ብእኡ ብደሙ ምድሓን ፥ ማለት ፥ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት አሎና ።

ወንጌል ሉቃስ ፳፪

፳ - ከምኡ ድማ ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዒሉ፥ እዛ ጽዋእ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓድሽ ኪዳን እያ ።

ራእይ ዮሃንስ ፲፪

፲፩ - ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቓል ምስክሮምን ድማ ሰዐርዎ ፥ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዋን ።

እብራውያን ፲፫

፳ - ኣምላኽ ሰላም ግና ነቲ ብናይ ዘለኣለም ደም ኪዳን ዓብዪ ጓሳ ኣባጊዕ ፥ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፥ ካብ ምዉታት ዘተንስአ፥ ፳፩ - ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሎ ኣባኻትኩም እናገበረ ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ኹሉ ፍጹማት ኽትገብሩ የብቅዕኩም ። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ ። ኣሜን ።

ራእይ ዮሃንስ ፯

፲፬ - ኣነውን፥ ጐይታይ፥ ንስኻ ትፈልጥ፥ በልክዎ ። ንሱ ኸኣ፥ እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም ፥ ንኽዳውንቶም ከኣ ብደም እቲ ገንሸል ሐጺቦም ኣጻዕዱዉ፥

፩ይ ዮሃንስ ፩

፯ - ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ ፥ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፥ ንሓድሕድና ሕብረት አሎና፥ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኵሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ ።

# ስለ ሐይሉ እግዚአብሄር ይመስገን

ራእይ ዮሃንስ ፭.

፲፪ - ዓው ብዝበለ ድምጺ ኸአ ፣ እቲ እተ ሐርደ ገንሸል ፡ ንሱ ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሓይልን ክብርን ግርማን ውዳሴን ኪወስድ ብቑዕ እዩ ፡ በሉ ።

መዝሙር ዳዊት ፻፪. ፲፭,፲፰ ።

፲፭ - ኣህዛብ ከአ ንስም እግዚኣብሄር ፡ ኵሎም ነገስታት ምድሪ ድማ ንኽብርኻ ኺፈርሁ እዮም ። እቲ ዚፍጠር ህዝቢውን ንእግዚ ኣብሄር ኬመስግኖ እዩ ።

፩ይ ጴጥሮስ ፪.

፱ - ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ካብ ጸልማት ናብ ቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽ ትነግሩ፣ ሕሩይ ወለዶ፣ ናይ መንግስቲ ኽህነት፣ ቅዱስ ህዝቢ ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ኢ ኹም ።

መዝሙር ዳዊት ፱.

፲፩ ፡ ነቲ ኣብ ጽዮን ዚነብር እግዚኣብሄር ዘም ሩሉ ፡ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ግብርታቱ ንገሩ ።

መዝሙር ዳዊት ፴፪.

፰ - ኣቱም ንእግዚኣብሄር እትፈርሁ ፡ ኣመስ ግንዎ ።

መዝሙር ዳዊት ፷፯.

፭ - ዎ ኣምላኽ ፡ ኣህዛብ የመስግኑኻ ፡ ኵሎም ኣህዛብ የመስግኑኻ ።

፮ - ምድሪ ፍሬኣ ሂባ ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኺባርኸና እዩ ።

፯ - ኣምላኽ ይባርኸና ፡ ብዘሎ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ይፍርሃዮ ።

### ወንጌል ማቴዎስ ፲፱.

፲፮ - እንሆ ፡ ሓደ ናብኡ ቐሪቡ ፡ ዎ መም
ሀር ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብሲ ፡ እንታይ
ጽቡቕ ግብሪ እግበር ፡ በለ ። ፲፯ - ንሱ ኸኣ
በሎ ፡ ንምንታይ ብዛዕባ ጽቡቕ ትሐተኒ ኣሎኻ ፡
እቲ ጽቡቕሲ ሓደ እዩ ። ናብ ህይወት ክትእቱ
እንተ ደሌኻ ግና ፡ እተን ትእዛዛት ሐሉ ። ፲፰ -
ንሱ ፡ ኣየኖት ፡ በሎ ። የሱስ ከኣ ፡ እኒ ኣይትቕ
ተል ፡ ኣይትዘሙ ፡ ኣይትስረቕ ፡ ብሓሶት ኣይት
መስክር ፡ ፲፱ - ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ፡ ብጻይ
ካውን ከም ነፍስኻ ፍቶ ፡ በሎ ። ፳ - እቲ ጐ
በዝ ፡ እዚ ኹሉ ኻብ ንእስነተይ ሒዘ እሕልዎ
ኣሎኹ ፡ እንታይ ደኣ እዩ ዚጐድለኒ ዘሎ ፡ በሎ ።
፳፩ - የሱስ ከኣ ፡ ፍጹም ክትከውን እንተ ደ
ሌኻስ ፡ ኪድ ፡ ዘሎካ ሸጥካ ንድኻታት ሀብ ፡
ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ፡
ንዓ ስዐበኒ ፡ በሎ ።

## ተናዘዝ እመን ተቐበል

### ወንጌል ማርቆስ ፩.

፲፬ ፡ ፲፭ - ድሕሪ ማእሰርቲ ዮሃንስ ከኣ የሱስ
ናብ ገሊላ መጸ እሞ ፡ እቲ ዘመን ተፈጸመ ፡ መን
ግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቀረበት ፡ ተነስሑ ብወንጌል
ውን እመኑ ፡ እናበለ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ
ሰበኸ ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፩.

፲ - ኣብ ዓ
ለም ነበረ ፡ ዓለምውን ብእኡ ኰነት ፡ ዓለም ግና
ኣይፈለጠቶን ። ፲፩ - ናብቶም ናቱ መጸ ፡ እቶም
ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን ። ፲፪ - ነቶም እተቐበ
ልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ው
ሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሀቦም ።

# ክርስቶስ እቲ መገድን ሐቅን ህይወትን እዩ

ወንጌል ዮሃንስ ፩.

፲፮ ፡ ፲፯ - ሕጊ ብሙሴ ተውሂቡ እዩ እሞ፥ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስቶስ መጸ ። እምብኣርከ ንሕና ዅላትና ኻብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና ።

ወንጌል ዮሃንስ ፲፬.

፮ - የሱስ ከኣ ፡ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን ።

፩ይ ዮሃንስ ፪.

፳፪ - እቲ ንየሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ዚኽሕዶ እንተ ዘይኰይኑኸ ፡ መን እዩ እቲ ሓሳዊ ፡ እቲ ነቦን ወድን ዚኽሕዶም ፡ ንሱ እዩ እቲ ጸረ ክርስቶስ ።

ወንጌል ማቴዎስ ፯.

፲፫ ፡ ፲፬ - እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ ርሕብቲ ፡ መገዳውን ገፋሕ እያ ፡ እቶም ብእኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም ። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ ፡ መገዳውን ቀጣን እያ ፡ እቶም ዚረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ ፡ በታ ጸባብ ደገ እተዉ ።

ወንጌል ዮሃንስ ፩.

፬ - ህይወት ኣብኡ ነበረት ፡ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት ።

ወንጌል ዮሃንስ ፫.

፴፮ - ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ ፡ ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ኽትህልዎ ፡ ህይወት ሀበ ።

ወንጌል ዮሃንስ ፮.

፶፩ - እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዔ ዘበለ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ ።

እብራውያን ፱.

፳፬ - ክርስቶስ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪረአየልና ናብኣ ናብታ ሰማይ ኣተወ እምበር፡ ኣብቲ ምስሊ ሓቂ፡ ኣብታ ብኢድ እተገብረት መቕደስ ኣይኰነን ዝአተወ። ፳፭ - ከምቲ ሊቀ ካህናት ብብዓመት ብደም ካልእ ናብ መቕደስ ዚአቱ፡ ንሱስ ብዙሕ ሳዕ ርእሱ ኺስውእ ኣይአተወን። ፳፮ - ብዘይ እዝስ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ ብዙሕ ሳዕ መከራ ኺጸግብ ምተገብአ ነይሩ፡ ሕጂ ግና ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ጊዜ እተገልጸ። ፳፯ - ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዖ፡ ፳፰ - ከምኡ ኸኣ እቲ ንሓጢኣት ብዙሓት ኬርሕቕ ኢሉ ሓንሳእ እተሰውኤ ክርስቶስ ንምድሓን እቶም ዚጽበይዎ ኻልኣይ ጊዜ ብዘይ ሓጢኣት ኪግለጽ እዩ።

## ሓይሉ ናብ መንግስተ ሰማያት ይወስድ

ግብሪ ሃዋርያት ፬.

፲፪ - ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልበን።

## ሓይሉ ናብ ሲኦል የእቱ

ወንጌል ማቴዎስ ፲.

፳፰ - ነቲ ነፍስን ስጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍእ ዚከአሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንስጋ ዚቐትሉ፡ ንነፍሲ ግና ምቕታላ ዘይከአሎም ኣይ ትፍርህዎም ።

# ፍጹም ድሕነት ብሓይሊ ክርስቶስ

### ፩ይ ጢሞቴዎስ ፩.

፲፭ - ክርስቶስ የሱስ ነቶም ኣነ ዝቐዳማዮም ሓጥኣን ኬድሕን ከም ዝመጸ፡ እዚ ቓል እዚ እሙን እዩ፡ ምቕባሉውን ብዅሉ ግቡእ እዩ።

### ሮሜ ፩.

፲፮ - ወንጌል ቀድም ንኣይሁዳዊ ኽምኡውን ንጽርኣዊ፡ ንዚኣምን ዘበለ ዅሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ እሞ፡ ብወንጌል ኣይሐፍርን እየ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፬.

፲፬ - እቲ ኻብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለኣለም ህይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን እዩ እምበር፡ ንዘለኣለም ኣይጸምእን እዩ፡ ኢሉ መለሰላ።

### ሮሜ ፫.

፳፬ - በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ በጃ ምሕላፍ ብኽምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ። ፳፭ - ንእኡ ኸኣ፡ ነቲ ቐደም ብትዕግስቲ ኣምላኽ እተገብረ ሓጢኣት ይሕለፍ ስለ ዝሐደጎ፡ ኣምላኽ ጽድቁ ምእንቲ ኺርኢ፡ ብእምነት ብደሙ መተዓረቒ ገይሩ ኣቘሞ።

### ፪ይ ጴጥሮስ ፩.

፲ - ስለዚ ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ንጽውዓኹምን ምሕራይኩምን ከተጽንዕዎ ኣዚኹም ተጋደሉ። እዚ እንተ ገበርኩምሲ፡ ከቶ ኣይከተንደልሀጹን ኢኹም።

### ወንጌል ሉቃስ ፲.

፲፱ - እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ዅሉ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ፡ ዚጐድኣኩም ከኣ የልቦን።

## እግዚኣብሄር ካብዚ ዝበለ እንታይ ይሃብ !

ወንጌል ዮሃንስ ፫.

፲፮ - ኣምላኽ ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፣ ከይጠፍእሲ፣ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፣ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀረ ።

## ኣየወ ! እቲ ናብ ሰብ ድሕንነት ዘምጽኤ ጸጋስ እቲ ጐይታ ኵሉ ፍጥረት ኣብ ክንዲ ኵልና ኪመውት ገበሮ !

ወንጌል ሉቃስ ፳፫.

፴፬ - የሱስ ድማ፤ ኣቦይ፣ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፣ ሕደገሎም፣ በለ ። ንኽዳውንቱ ኸኣ ዕጭ ኣውዲቖም ተማቒልዎ ። ፴፭ - እቲ ህዝቢ ደው ኢሉ ይርኢ ነበረ፣ እቶም ዓበይቲውን ምሳታቶም ኲይኖም፤ ንኻልኦት ኣድሒኑ፣ ንሱ ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ሕሩይ እንተ ኾይኑስ፣ ርእሱ የድሕን፣ እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ ። ፴፮፣ ፴፯ - እቶም ጭፍራውን የላግጹሉ ነበሩ፣ ናብኡ ቐሪቦም ድማ፤ ንስኻ ንጉስ ኣይሁድ እንተ ኼንካስ፣ ርእስኻ ኣድሕን፣ እናበሉ መጺጽ ኣምጽኡሉ ።

## ብነጻ ንክንወስድ ተፈቕደልና

ራእይ ዮሃንስ ፳፪.

፲፯ - እቲ መንፈስን እታ መርዓትን፤ ንዓ፣ ይብሉ ኣለዉ ። እቲ ዚሰምዕውን፤ ንዓ፡ ይበል ። ዝጸምኤ ኸኣ ይምጻእ፣ ዝደለየውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ ።

# ኵለንተናኹም ብመላኡ ነቲ ጐይታ
# ዚኾነ የሱስ ክርስቶስ ሕጂ ኣቕርቡ

## ሐጥያትኩም ተናዘዙሞ ተነስሑ

፩ይ ዮሃንስ ፩.

፱ - ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፣ ንሓጢኣትና ይቕረ ኺብለልና፣ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።

ግብሪ ሃዋርያት ፫.

፲፱ - እምብኣርስኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኺድምሰሰልኩም፣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ ኺመጸልኩም፣

## ብወዲ እግዚአብሄር እመኑ

፭ይ ዮሃንስ ፭.

፲፩ - ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሀበና፣ እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚአ ኣብ ወዱ አላ። ፲፪ - እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት አላቶ፣ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ ህይወት የብሉን።

ወንጌል ዮሃንስ ፫.

፴፮ - ብወዲ ዚ.
ኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት አላቶ፣ እቲ ብወዲ ዘይአምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፣ ንህይወት ኣይኪ.ርእያን እዩ።

ሮሜ ፮.

፲፪ - ንምእዛዙ ባሮት ክትኰኑ ርእስኹም ንትሀብዎ፣ ንሓጢኣት እንተ ኾይኑ ንሞት፣ ንምእዛዝ እንተ ኾይኑ ንጽድቂ፣ ነቲ እትእዘዝዎስ ባሮቱ ኸም ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢ.ኹም፣

## ኣብ ክንዲ ፍርሀስ ፍቕሪ

፪ይ ጢሞቴዎስ ፩.

፯ - በዚ ምኽንያት እዚ ፡ ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር፡ መንፈስ ፍርሃት ኣይሀበናን እሞ ፡ ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣብኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ ።

፩ይ ዮሃንስ ፬.

፲፰ - ፍርሃትሲ ስቓይ እያ እተምጽእ ፡ እቲ ዚፈርሀ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኮነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ እምበር ፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን ።

ገላትያ ፭.

፳፪ - እቲ ፍሪ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ ፡ ዕርቂ ፡ ዓቕሊ ፡ ለውሃት ፡ ሕያውነት ፡ እምነት ፡ ህድኣት ፡ ይኣኽለኒ ምባል እዩ ።

፳፫ - ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን ።

## ኣብ ክንዲ ጥርጥር እምነት

ሮሜ ፰.

፴፭ ፡ ፴፮ - ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን እዩ፧ ከመዩ፧ ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና ፡ ከም ኣባጊዕ ማሕረዲውን ተቘጺርና ፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ ፡ ጭንቀትዶ ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡ ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፧ ፴፯ — ፴፱ - ሞት ኰነ ወይ ህይወት፡ መላእኽቲ ኾኑ ወይ ገዛእቲ ፡ ዘሎ ኾነ ወይ ዚመጽእ፡ ወይ ሓይልታት፡ ልዕል ዝበለ ኾነ ወይ ትሕት ዝበለ፡ ካልእ ፍጥረትውን እንተ ኾነ ፡ ካብታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኸም ዘይኮነሉ ፡ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ ፡ በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና ።

## ናይ ፍቕሪ ምክንኻን ስለዘሎ ምጽማው የልቦን

እብራውያን ፲፫. ፭ -

ንሱ ባዕሉ፤ ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እየ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን፡ በቲ ዘሎኩም ዕገቡ።

## ኣብ ክንዲ ሽብር ሰላም

ወንጌል ዮሃንስ ፲፬. ፳፯ - ሰላም

እሐድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን።

ሮሜ ፰

፮ ፡ ፯ - እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን ኣይኩነሉን ድማ እዩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ።

ሮሜ ፭.

፩ - እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይህልወና።

## ናይ ሐቂ ሀብቲ ምበር ስስዒ የልቦን

ወንጌል ሉቃስ ፲፪.

፲፭ - ንሱ ኸኣ፤ ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ካብ ኵሉ ስስዒ ኸኣ ርእስኹም ሐልዉ፡ በሎም።

## ርግጸኛነት ምበር ጥርጥር የልቦን

፩ይ ዮሃንስ ፭.

፲፫ - ንኣኻትኩም ብስም ወዲ ኣምላኽ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላትኩም ምእንቲ ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ።

## ኣብ ክንዲ ጸይቂ ንጽህና

፩ይጴጥሮስ ፩.

፳፪፡ ፳፫ - ብህያውን ንዘለኣለም ብዚነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፊኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም፡ ንሓቂ እናተኣዘዝኩምዋ፡ ግብዝና ንዜብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኹም ኣጽርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም ብሓቂ ተፋቐሩ፡

፩ይ ጢሞቴዎስ ፩.

፭ - እታ መደምደምታ ትእዛዝ ግና ፍቕሪ ኻብ ንጹህ ልቢ፡ ካብ ሰናይ ሕሊና፡ ካብ ልግጺ ዜብላ እምነት እያ።

## ኣብ ክንዲ ጓሂ መለኮታዊ ሐጎስ

ሮሜ ፲፭.

፲፫ - ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ኽትህብትሙስ፡ እቲ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኵሉ ሓጐስን ሰላምን ዘበለ ብእምነት ይምላእኩም።

ወንጌል ዮሃንስ ፲፭.

፲፩ - ሓጐሰይ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኺጸንዕ፡ ሓጐስኩምውን ኪፍጸምሲ፡ እዚ ነገርኩኹም። ፲፪ - ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ነንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ትእዛዘይ እዚ እዩ።

# ሐይሊ እግዚአብሄር አብቶም ናይ ብሐቂ አመንቲ

## አብ ክንዲ ሕመቕ ሐይሊ

ኤፌሶን ፮.

፲ - ብዝተረፈስ ፣ ኣሕዋተየ ፣ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን በርትዑ ።

## አብ ክንዲ ሕማቕ ትምኒት ተስፋ

ቲቶስ ፪.

፲፪ ፣ ፲፫ - እቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድሓኒና የሱስ ክርስቶስን ምግላጽ ክብሪ እናተጸቤና፣ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፣ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብጥንቃቐን ብጽድቅን በምልኽን ክንነብር ይምህረና ኣሎ ።

እብራውያን ፮.

፲፰ - በተን ኣምላኽ ኪሕስወለን ዘይክእል ክልተ ዘይልወጣ ነገር ጌርና ፣ ንሕና ፣ ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምሓዝ ሀዲምና ዝወጻእና ፣ ብርቱዕ ምጽንናዕ ክንረክብ ኢና ። ፲፱ ፣ ፳ - ንሳ ድማ ከም መልሀቅ ነፍሲ ፣ ድልድልትን ጽንዕትን እያ እሞ ፣ ናብቲ የሱስ ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ሊቀ ኻህናት ኰይኑ ኸም መራሒ ምእንታና ዝኣተዎ ውሽጢ እቲ መጋረጃ እተእትወና ተስፋ ኣላትና ።

## አብ ክንዲ ምንድልሐቕ ቕንዕና

፩ይ ጴጥሮስ ፪.

፲፪ - እቶም ከም ገበርቲ እከይ ገይሮም ዚሐምዩኹም ዘለዉ፣ ንሰናይ ግብርኹም ርእዮም በታ መዓልቲ ሓተታ ንኣምላኽ ምእንቲ ኺመስግንዎ፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣኻይዳኹም ኣጸብቑ ።

## ኣብ ክንዲ ቁልዕነት ዕብየት

እብራውያን ፮.

፩፣ ፪ - ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፣ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፣ ብእምነት ብኣምላኽ፣ ብትምህርቲ ጥምቀት፣ ብምንባር ኣእዳው፣ ብትንሳኤ ምዉታት፣ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲ

፩ይ ጴጥሮስ ፪.

፪፡ ፫ - እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ጥዒምኩም እንተ ኾንኩምሲ፣ ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ኽትዐብዩ ፡ ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዘይብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብሀግም ።

ኤፌሶን ፬.

፲፭ - ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰሀብና ፡ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ ።

## ኣብ ክንዲ ስዕረት ዓወት

ራእይ ዮሃንስ ፲፭.

፪ - ምስ ሓዊ እተሖሰ ኽም ባሕሪ መረጻን ዚመስል እሞ፣ እቶም ነቲ ኣራዊትን ነቲ ምስሉን ነቲ ቍጽሪ ስሙን ዝሰዐሩ፣ መሰንቆታት ኣምላኽ ሒዞም፣ ኣብቲ ባሕሪ መረጻን ደው ኢሎም ርኤኹ እሞ !

፩ይ ዮሃንስ ፭.

፬ - ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኹሉ ንዓለም ይስዕራ ፡ እታ ንዓለም እንስዕራ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ ።

## ክርስቶስ መሰል የፍሪ

፩ይ ዮሃንስ ፪.

፮ · እቲ፡ ኣብኡ እነብር ኢሉ ፡ ዚብል ፡ ከምቲ ንሱ እተመላለሶ ፡ ንሱውን ከምኡ ኺዩሉ ኺመላለስ ይግብኦ እዩ ።

## ሐይሊ ኣብ ውሽጢ ሰብ

ኤፌሶን ፫.

፲፮ - ብመንፈሱ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ሰብ ብሓይሊ ምእንቲ ኽትብርትዑ፡ ከምቲ ሃብቲ ኽብሩ ኺሀበኩም እጽሊ ኣሎኹ ።

ፊልጲ ፬.

፲፫ - በቲ ሓይሊ ዚህበኒ ንዅሉ እኽእሎ እየ።

## ኣብ ጥበብ ሰብ ኣይጽጋዕን

ቈረንቶስ ፪.

፬፡፭ - እምነትኩም ብስልጣን ኣምላኽ እምበር ፡ ብጥበብ ሰብ ምእንቲ ኸይትስረትሲ፡ ዘረባይን ስብከተይን ድማ ብምርዳእ መንፈስን ስልጣንን እምበር ፡ ብዚስድዕ ዘረባ ጥበብ ኣይነበረን።

## ትብዓት ንምምስካር

ግብረ ሃዋርያት ፩.

፰ - መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም።

ግብረ ሃዋርያት ፭.

፴፪ - ንሕና ድማ ነዚ ነገርዚ ምስክር ኢና፡ እቲ፡ ኣምላኽ ነቶም ዚእዘዝዎ ዝሀቦም መንፈስ ቅዱስውን ምስክር እዩ፡ ኢሎም መለሱሎም ።

ግብረ ሃዋርያት ፬.

፴፫ - ሃዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡ ኣብ ኵሎም ከኣ ዓብዪ ጸጋ ነበረ።

ወንጌል ዮሃንስ ፲፮.

፴፫ - ካብቲ ኽፉእ ክትሕልዎም እምበር፡ ካብ ዓለም ክተውጽኦም ኣይኰንኩን ዝልምን ዘሎኹ።

ኤፌሶን ፮.

፲ - ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተየ፡ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን በርትዑ። ፲፩ ፡ ፲፪ - እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ሙሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።

ራእይ ዮሃንስ ፫.

፲ - ንቓል ትዕግስተይ ስለ ዝሐሎኻዮ፡ ኣነ ድማ ካብታ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ኽትፍትኖም ናብ ሙላ ዓለም እትመጽእ ሰዓት ፈተና ኽሕልወካ እየ።

ራእይ ዮሃንስ ፲፪.

፲፩ ፡ ፲፪ - ነቲ ዚስዕርን ክሳዕ መወዳእታውን ግብረይ ዚሕሉንሲ፡ ከምቲ ኣነ ኻብ ኣቦይ እተቐበልክዎ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣህዛብ ክሰልጥኖ እየ። ከምቲ ኣቕሓ መሬት ዚሰባበር ገይሩ፡ ንሱ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ።

ወንጌል ሉቃስ ፲.

፲፰ - በሎም፡ ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ። ፲፱ - እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ኵሉ ሓይሊ ጸላእን ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣሎኹ፡ ዚጐድኣኩም ከኣ የልቦን።

# «ከበርታ» እግዚአብሄር
# ተስፋታትና ብእምነት ብዘልኣለማዊ ኣምላክና ጥራሕ ይማላእ

### ወንጌል ማቴዎስ ፳፩.

ኣሚንኩም ብጸሎት እትልምንዎ ዅሉ ኽም እት ረኽቡ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፭.

፯ - ኣባይ እንተ ጸናዕኩም፡ ቃለይውን ኣ ብኻትኩም እንተ ሐደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትል ምኑ እሞ ይኾነልኩም። ፰ - ብዙሕ ፍረ እንተ ፈሬኹም፡ ኣቦይ በዚ ይኸብር፡ ደቀ መዛሙርተይ ውን ክትኮኑ ኢኹም።

### ፩ይ ዮሃንስ ፭.

፲፬ - ክምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ። ፲፭ - ነቲ ዝለመን ናዮ ዘበለ ኽም ዚሰምዓና ኻብ እንፈልጥ ድማ፡ እቲ ኻብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኽም ዝረ ኸብናዮ፡ ንፈልጥ ኢና።

### ወንጌል ማቴዎስ ፯.

፯ ፡ ፰ - ዝለመነ ዅሉ ይቕበል እዩ፡ ዝደለየ ድማ ይረክብ፡ ማዕጾ ዃሕኳሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ፡ ይውሀበኩም። ድለዩ፡ ትረኽቡ። ማዕጾ ዃሕኳሕ ኣብሉ፡ ይኽፈተልኩም እዩ።

### ወንጌል ዮሃንስ ፲፮.

፳፫ - ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ኪኽብርሲ፡ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ዅሉ ኽገብረልኩም እየ። ፳፬ - ብስመይ ገለ እንተ ለመንኩም፡ ክገብረል ኩም እየ።

## ወንጌል ማርቆስ ፲፩.

፳፬ - ስለዚ፣ እትጽልይዎን እትል ምንዎን ዘበለ ኸም ዝረኸብኩምዎ እመኑ እሞ ኪኾነልኩም እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።

## ፊልጲ ፬.

፲፱ - ኣምላኸይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽ ብሪ ብክርስቶስ የሱስ ገይሩ፡ ድሌትኩም ዘበለ ኺመልኣልኩም እዩ።

## ፩ይ ዮሃንስ ፫.

፳፩ - ኣቱም ፍቑራተይ፡ ልብና እንተ ዘይ ነቐፈና ፡ ኣብ ኣምላኽ ትብዓት ኣሎና።

፳፪ - ን ትእዛዛቱ እንሕሉን ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዚብሎ እን ገብርን ስለ ዝኾንና፡ ነቲ እንልምኖ ዘበለ ካብኡ ንቕበል ኢና።

## መዝሙር ዳዊት ፴፯.

፬ - ብእግዚኣብሄርውን ተሐጎስ፡
ልብኻ ዚደልዮ ንሱ ኺህበካ እዩ።

፭ - መገድኻ ንእግዚኣብሄር ኣማዕቊብ፡
ኣብኡ ተወከል፡ ንሱውን ኪሰልጠልካ እዩ።

## ወንጌል ሉቃስ ፲፯.

፮ - ጐይታ ኸኣ፣ ከንዲ ፍረ ኣድሪ እት ኣከል እምነት እንተ ትህልወኩምሲ፡ ነዚ ሳግላ፣ ተመንቊስካ ኣብ ባሕሪ ተተኸል፡ ምበልኩምዎ እ ሞ ምተኣዘዘኩም ነይሩ።

## ወንጌል ማርቆስ ፱.

፳፫ - የሱስ ከኣ፣ እትኽእል እንተ ኾንካ፡ ትብል ኣሎኻ። ንዚኣምን ኵሉ ይከኣል እዩ ፡ በሎ።

Published in numerous languages as God supplies funds in answer to prayer. If you would like more copies for prayerful distribution, write in English.  Specify which language(s) you need and how many booklets.
**World Missionary Press, PO Box 120, New Paris, IN 46553-0120 USA**

Read booklets online or by App
www.wmp-readonline.org
727 Tigrinya POG

Cover photo STSci-PRC2003-11a of Helix Nebula courtesy of NASA and STSci

www.wmpress.org 2-17